# ድሕነት

ንሰላም፣ ንደሞክራሲ፣ንፍትሒ፣ ንማዕርነት፣ ንምዕባለ፣

ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ትዳሎ ክልተ ወርሓዊት መጽሄት
ወርሒ ግንቦት - ሰነ 2010: 5ይ ዓመት ቁ 3

- ዓወት ንፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ!!
- ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!

# ሓባራዊ መግለጺ ስምምዕ፣

## ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፣ ዲሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን

ሓባራዊ ድልየት ፖለቲካዊ መሪሕነትን መሰረታትን ዲሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ኣብ ግብሪ ንምትርጓምን፣ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ኣብ ምግጣም ዘሎ ተደላይነት ምጥርናፍ ዓቕምታት እዋናዊ መድረኽ ዝሓቶ ሃገራዊ ጠለብ ምዃኑ ብምግንዛብን፣ ኣብ ክንዲ ዝምድና ክልተ ውድባትና ኣብ ክሊ ላዕለዋይ ጽፍሒ ተሓጺሩ ጥራሕ ዝተርፍ፣ ንኩሉ ቀጸላታት ኣጠቓሊሉ ብዝሸፍን ንምስግጋሩን፣ ነቲ ኣብ ባይታ ብወተሃደራዊ መዳይ ንነዊሕ ሰጕሙ ዝጸንሐ ዕዉት ምውህሃድ ብፖለቲካዊ ጎድንታቱ ንምድንፋዕን፣ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዝተሰረተሎም መትከላትን መቐምያታትን ምርኩስ ብምግባርን፣ ልዝባትን ስምምዓትን ንምክያድ ኣብ መንጎ መሪሕነታት ክልቲኤን ውድባትና 16 ግንቦት 2010 ኣኼባ ብምግባእ፣ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ተሰማምዐ፦

1. ንባህግን ዕላማታትን ክልተ ውድባትና ብልክዕ ብዝገልጽ መልክዕ ዝምድናታትና ኣንፈት ንምትሓዝን፣ ህዝባዊ ምትእስሳራት ንምምዕባልን፣ ኣብ ህዝባውን ዜናውን፣ ዲፕሎማስያውን፣ ቁጠባውን መዳያት ዝተማለአ ምውህሃድ ምግባር።

2. ኣብ ክሊ ተማእዛዝነት ናይ'ቲ ብ4 ሚያዝያ 2010 ኣብ መንጎ 8 ውድባት ኤደኪ ዝተኸተመ እዉጅ ወተሃደራዊ ስምምዕ፣ ዝምድናታት ክልተ ውድባትና ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ምምዕባል።

3. ኣብ መንጎ ክልተ ውድባትና ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ምትሕግጋዝ ምግባር።

4. ሓባራዊ ስራሕ ንምግምጋም ምዱብ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ኣብ ከክልተ ኣዋርሕ ምክያድ። ኣኼባ ታሕተዎት ሽማግለታት ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ምስልሳል።

ኣብ መደምደምታ፣ ስምምዕ ተበጺሕሎም ዘለዉ ኣርእስትታት ሓድነታዊ ዕዮታት ናይ ምድልዳል ዝነበሮምን ዘለዎምን ነባሪ ባህጎም ዘንጸባርቑ ስለ ዝኾኑ፣ ንምትርጓሞም ኣባላት ክልተ ውድባትና ዕቱብ ጻዕርታቶም ከካይዱ ኣኼባ ኣማሕጺኑ። እዚ ስጉምቲ'ዚ፣ መዋእል ስልጣን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ክድምደም ኣብ ዝቀራረበሉ ግዜ ዝውሰድ ዘሎ ብምዃኑን፣ ናይ ምግጣሙ ዓቕምን ቅሩብነትን ክልተ ውድባትና ዘዕዝዝ ስለ ዝኾነን፣ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ደገፋቱ ከበርክተሉ ጸዊዑ። ከምኡ'ውን፣ ፈተውቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ መንግስታትን፣ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን፣ ማሕበራዊ ሓይልታትን ብሓፈሻ፣ ኢትዮጵያ ኸኣ ብፍላይ፣ እቲ ኣብ ዝምድናታት ክልተ ውድባትና ተኸሲቱ ዘሎ ዓብዪ ዝላ፣ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ ንኣቀራርጻ ኣገባባት ሓድነታዊ መስርሕ ኣብነት ክኸዉን ዝኽእል ተረኺቡ ብምዃኑ፣ ሞራላውን ንዋታውን ደገፋቶም ከበርክቱልና ኣኼባ ጸዊዑ።

ዓወት ንዲሞራሲያዊ ቃልሲ ህዝብና!
ክብርን ዝኽርን ንስዉኣት ኤርትራ!
ኣብ ሃገርና ናጽነትን ዲሞክራስን ፍትሕን ይተዓወቱ!

ዲሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን

16 ግንቦት 2010

# ደምዳሚ ኣዋጅ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል

ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብድሕሪ ቀዳማይ ጉባኤና ምሕላፉ ብሓደ ሸነኽ፡ ኣብ ኤርትራዊ ክውንነት ጽልዋ ዝህልዎም ዘቤታውን ዞባውን ኣህጉራውን መዳያት ሓደስቲ ፖለቲካዊ ተረኽቦታት ዝተኸስተሉን ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ 5 ክሳዕ 7 ግንቦት 2010 ተኻይዱ። ካብ ኣብያተ-ጽሕፈት ፈጻሚ ኣካልን ካልኦት ትካላት ውድብን ኣብ ኣኼባ ዝቐረቡ ጸብጻባት፡ ብባህሪኦም ካብ ኣብ ውሽጠ-ውድባዊ መዓልታዊ ኩነታት ምጥማት ሓሊፎም፡ እንተላይ ነቶም እተፈላለዩ ሓደስቲ ኣገደስቲ ምዕባለታትን ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ህዝብናን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዘካይድዎ ተጋድሎታት ዝህልዎም ጽልዋታትን ዘትኮሩ ኔሮም።

ኣብ ጥቅምቲ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንነጀው፡ ኣብ ባይታ ዝተሳለጡ መኸሰባትን፡ ኣብ ጉዕዞ ዝተራኣዩ ድኽመታትን፡ ናብኡ ዘብጽሑ ምኽንያታትን ንምልላይ፡ ኣኼባ ኣብ'ቶም ዝቐረቡ ጸብጻባት ዓሚቝ ምይይጥን ወድዓዊ ተንታንን ጌሩ። ኣብ መጻኢ ጉዕዞና ብዝተነጸረ መልክዕ መታን ዕዮና ንቕድሚት ዝድርኽን፡ ጉድለታትና ዝእርምን፡ ጠቓሚ ትምህርቲ ዝርከቦ ሓያልን ድኹምን ጉንታት መምዩ። ስለ ዝኾነ፡ ኣኼባ ውድብና ካብ ዘመዝገቦም ኣወንታዊ ጎንታት ዝስዕብ ኣረጋጊጹ፦

- ውድብ ኣብ ውሽጣዊ ሂወቱ ዘርኣዮም ጭቡጥ ምርግጋእ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ኣብ ኩሉ ደረጃታቱን፡ ንጥፈታቱን፡ ኣሰራርሓኡን፡ በኣወንታ ኣንጸባሪቑ።
- ኣብ ሞንጎ ላዕለዋይ መሪሕነታዊ ትካልን መሰረታዊ ትካልን ስርዒታዊ መስኖታት ንምድማዕ፡ ኣብ ስርዒታዊ ዝምድናታት ዓይነታዊ ለውጢ ኣረጋጊጹ።
- ሓፈሻዊ ርእይቶ ኤርትራዊ ክፍልታት ብሓፈሻ፡ ኣውራ ድማ ኣብ በርጌሳዊ ማሕበራት ህላዌኡ ብምዕዛዝ፡ ክሊ ተቐባልነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ እናሰፈሐ ክመጽእ ኮይኑ።
- ሃገራት ኤውሮጳ ዝሸፈነ ገፌሕ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ኣሰላሲሉ። ከምኡ'ውን ምስ ኣምባሳደራት ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ዓረብን፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ካናዳን ጵዑቕ ርክባት ኣካይዱን፡ መዘከራት ኣቕሪቡን። ብሸም'ዚ ካኣ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ንውድብና ጥራሕ በይኑ ዝጠቅም ዘይኮነስ፡ እንኮላይ ንረብሓ ዲፕሎማስያዊ ዕዮ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘገልግል ጥጡሕ ባይታ ዝመድመደ ኣገዳሲ ድልድላት ሃኒጹ ይርከብ።
- ውድብና ምስ ዲሞክራስያዊ ውድብ ቀይሕ ባሕሪ ዓፋር ዝተኸተሎ ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ ንጥፈታት ተቓውሞ ዘዕዝዝ ኣወንታውን ረዚንን ፖለቲካዊ ዓወታት ኣመዝጊቡ።
- ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘካይዶም ዘሎ ጨካን ግፍዕታትን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ምቅላዕ ዕዙዝ ዜናዊ ግደ ተጻዊቱ።

- ምስ ኩሎም ኣባል ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ በርጌሳዊ ማሕበራትን፡ ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባር ዝተመስረተ ዝተረጋገኤ ዝምድናታት ሃኒጹ።

ኣኼባ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ጉዕዞና ኣብ ዝተኸሰቱ ኣሉታዊ ጎንታት ዝያዳ ትኹረት ብምሃብ፡ ኣብ መጻኢ ምእንቲ ተመሊሶም ከይድገሙ መታን፡ በዓል-ቤታውን ወድዓውን ሕጽረታት ኣለልዩ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ መርሓ ዝኾነና፡ ዝሓለፈ ተሞኩሮ ብምምሃር ብኣወንታታት ተመሲጥካ ምዝናይን፡ ኣብኡ ጋም-ማን ምባል፡ ንጉድለታትካ ምድህሳስን ምእራምን ጻዕሪታት ምክያድ ዘየተባብዕን፡ ዓወታትካ ንምዕቃብ ዘይሕግዝን ምዃኑ ምርዳእ'ዩ። ካብ'ዚ ተረዶኦ'ዚ ብምንቃል፡ ንዝተለለዩ ሕጽረታት ዝእርሙ ኣድለይቲ ውሳኔታት ወሲኑ።

ኣኼባ፡ ጉዕዞ ስሙር ዕዮ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን በርጌሳዊ ማሕበራትን ብትኸረት ርኢዩ። ምልክታት ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ሰጥሒ ይረኣ ስለዘሎ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ምግጣም ህልዊ እዋናዊ ሃገራዊ ዕማም ክበቅዕን፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓደጋታት ሕንፍሽፍሽ ብምግታእ ሃገራዊ ዕማም ንምፍጻም ክዳለውን፡ ኣሰራርሓታት ኪዳን ምምዕባል ኣድላይነት ከም ዘሎዎ ኣረጋጊጹ። ከም'ዚ ዝኣምሰሉ ተረኽቦታት ምኽሳቶም ዘሎ ተኽእሎታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣገደስቲ ሃገራዊ ጉዳያት ንምጽናዕ ጥጡሕ መጋባእያ ምዃኑ ብምውሳድ፡ ኣብ ግዜኡ ንምክያድን ንምዕዋትን፡ ውድብና ካብኡ ዝድለ ኩሉ ንምምላእ ዘይተቐጠበ ጻዕርታት ከካይድ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣኼባ፡ ነቲ ኣብ 4 ግንቦት 2010 ኣብ ሞንጎ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን ሸሞንተ ወድባት ዝተበጽሐ ወተሃደራዊ ስምምዕ፡ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ዕዮ ዘማዕብልን፡ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝብና ሃገራዊ ግደኡ ከበርክት ዝደፍእን፡ ስሙር ዕዮ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ዘጎልብትን ኣገዳስን ዓይነታውን ስጉምቲ ምዃኑ መዚኑ። እዚ ካኣ ብዘይጥርጥር ኣብ ሞንጎ ካድራትን መሰረታትን እዘን ውድባት እዚኣተን ኣወንታዊ መንጸብረቕታ ክህልዎ'ዩ።

ኣኼባ፡ ነቲ ኣብ ኣህጉራዊ ሜዳ ዝረአ ዘሎ ሓዲሽ ኣገዳሲ ኣወንታዊ ኩነታት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ነቲ ድሕሪ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ዘንበሮ ማዕቀብ (እገዳ) ዝስዕብ ዘሎን ብዕምቆት ተንቲኑ። እዚ፡ ንረብሓ ዲሞራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ክንጥቀመሉ ዝግባእ ኣወንታዊ ምዕባለ ስለዝኾነ ታሕጓሱ ገሊጹ። ማዕረ ህልዊ ኩነታት ንምዃን፡ ፈጻሚ ኣካል ንኹሎም ምእንቲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ሃገራዊ ሓይልታት ምስ ተደላይነት ስሙር ዲፕሎማስያዊ ዕዮ ዝሳነ ስሙር

ቀያዲ ርእይቶ ምውናን ኣድላዪ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ኣብ'ዚ ሸነኽ'ዚ፡ ፈጻሚ ኣካል ምስ ኩሎም መሓዙት ፖለቲካውን በርጌሳውን ተቓውሞ ሓይልታት ዝመያየጠሉ ውጥን ሓንጺጹ።

ኣኼባ፡ ብሰንኪ ጨቓኒ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ፡ ሃገሮምን ቤተ-ሰቦምን ራሕሪሖም ብቐጻሊ ዝረአ ናብ ስደት ዝውሕዙ ዘለዉ መንእሰያት ብዘሕደረሉ ዓሚቕ ሻቕሎት ስግኣቱ ገሊጹ። ምኽንያቱ ሃገርና ኤርትራ ካብ ናይ ኩሉ መጻኢ ዕድል ሃገርን ዓንዲ-ሒቖን ኣፍራይን ሓይልታት ዝኾነ መንእሰይ ባዶ ኮይና ክትረኣየና እንከላ፡ ናይ'ዚ ኩነታት'ዚ ቀጻልነት ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋታት ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ክንርእዮ እንከሎና፡ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ስለ እንግንዘብ'ዩ።

ኣኼባ፡ ነቶም ንህዝብና ከሳቕዩ ዝጸንሑን የሳቕዩ ዘለዉን ጨካናት መሓውራት ስለያ ጨቋኒ ስርዓት፡ ብትብዓት ዝምክትዎም ዘሎው ጀጋኑ ተጋደልትና ልዑል ሞጎሱ ኣመዝጊቡ። ከምኡ'ውን ጀጋኑ ሓርበኛታት ኣብ ዓውደ-ውግእ ጽንዓቶም ንምዕዛዝ፡ ነገራውን ንዋታውን ደገፋት ብምቕራብ ግቡኦም ንዘበርክቱ ዘሎዉ ኣባላት ውድብ ናእዳኡ ገሊጹ። ኣብ'ዚ ክንጠቕሶ እንደልዮ ኣገዳሲ ቁምነገር፡ ውድብና ኣብ ልዕሊ ጨካናት መሓውራት ስለያ ዝወስዶ መጥቃዕቲ፡ ናብ'ቲ ንኩልና ዘሳቕየና ዘሎ ስርዓት ዘቕነዐ ዳኣ'ምበር ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ናብ ጭቁናት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዘቕነዐ ኣይኮነን። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብውሽጡ ቦኽቢኹን፡ ትካላቱ ንምቁጽጻር ዘለዎ ዓቕምታት እምብዛ ማህሚኑን ስለዝርከብ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንሃገር ካብ ሓደጋታት ሕንፍሽፍሽ ንምድሓ፡ ኣብ ጎኒ ህዝቦም ደው ብምባል፡ ጸረ ስርዓት ህግደፍ ክለዓሉ ጸዊዑ። ከምኡ'ውን ህዝብና፡ ኣብ ጉኒ'ቶም ኣብ መስርዕ ቅድመ ግንባር ተሰሊፎም ምእንቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ጅግንነታዊ መስዋእቲ ዝኽፍሉ ዘሎዉ ጀጋኑ ደቁ ክስለፍን ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ክለዓልን ጸዊዑ።

ፈጻሚ ኣካል በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ብሽም ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ምእንቲ ተዓዋትነት ሰላምን ዲሞክራስን ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ቃልሲ ህዝብናን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ኣብ ምድጋፍን ምሕጋዝን፡ ንስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ምንባይን፡ ህዝብን መንግስትን ኢ.ህወደግን ኢ.ትዮጵያ ዘበርከቶ ግደ ልዑል ምስጋናኡን ሞጎሱን ገሊጹ።

ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልስና !!
ዝኽርን ሞጎስን ንስዉኣትና !!
ፈጻሚ ኣካል
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
7 ግንቦት 2010

## ጋዜጣዊ መግለጺ

ኣቦ-መንበራት ሸሞንተ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘለዎም ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ከሕልፎ ዝጸንሖን ዘሎን ሓሳረ መከራን ንሃገርና ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋን ብዕምቀት ተመያይጦም። በዚ መሰረት እዞም ኣስማቶም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተኸታታሊ ኣኼባታት ከካይዱ ድሕሪ ምጽናሕ 4 ግንቦት 2010 ኣብ ክሊ ሓደ ናይ ሓባር ወተሃደራዊ ስትራተጅን ሓባራዊ ወተሃደራዊ መሪሕነትን ወተሃደራዊ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም ክሰርሑ ናይ ሓባር ስምምዕ ከቲሞም።
ዝርዝር ከመይነት ኣፈጻጽማ ናይዚ ዕማማት እዚ ብዝምልከት ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ናብ ፍጻመ ክሰጋገር ብቀጥታ ንዝምልከቶም ወተሃደራዊ ኣካላት ኣድላዪ መምርሕታት ተመሓላሊፉ።
ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ዝበጽሑ ውድባት፡-

| | |
|---|---|
| 1. ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ፡ | 2. ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ |
| 3. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ | 4. ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ |
| 5. እስላማዊ ሰልፊ ኤርትራ ንፍትሕን ልምዓትን፡ | 6. ዲሞ/ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ፡ |
| 7. ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ | 8 ህዝባዊ ጉባኤ ኤርትራ፡ |

4 ግንቦት 2010፡

## ኣኼባ ሓባራዊ ወተሃደራዊ መሪሕነት 8 ውድባት፡

ብመሰረት ኣቦ-መንበራት 8 ውድባት ዝተበጽሐ ስምምዕን ዝርዝር ከመይነት ኣፈጻጽማ ናይቲ ስምምዕን ብቀጥታ ንዝምልከቶም ወተሃደራዊ ኣካላት ኣድላዪ መምርሕታት ወሪዱ። ብኡ መሰረት ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ሸሞንተ ውድባት ካብ 30 ግንቦት ክሳብ 3 ሰነ 2010 ቀዳማይ ኣኼባኦም ኣካይዶም።
ወተሃደራዊ ሓለፍቲ ሸሞንተ ውድባት ኣብ ኣኼባኦም፡ ህልዊ ኩነታት ኤርትራ ብዕምቀት ገምጊሞም፡ ስርዓት ኣብ ምቕያር ዓቢ ግደ ዝጻወት ፕላን ሓንጺጾም፡ ንኩሉ ዝጠርነፈ ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰትን ዕንወትን ንምድሓን ዝኣመተ ውጥን ብምሕንጻጽ ኣኼባኦም ዛዚሞም።
ሓባራዊ ወተሃደራዊ መሪሕነት ሸሞንተ ውድባት፡
3 ሰነ 2010

## ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ግሃድኤ
## ውጽኢታዊ ዑደት ስራሕ ኣብ ብሩክሰል ኣካይዱ፡

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ድሕሪ እቲ ዕዉት ቀዳማይ ጉባኤኡ ብዓወት ምዝዛሙ ብቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ሓላፊ ብጻይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ዝተመርሐ ልኡኽ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ቁም-ነገር ዝተመዝገበሎም ሰፋሕቲ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ከመዝግብ ምጽንሑ ይዝከር። እነሆ ከም ናቱ መቐጸልታ ከኣ፡ ካብ 29 ክሳብ 30 ሚያዝያ 2010 ናይ ክልተ መዓልቲ ዑደት ኣብ ከተማ ብሩክሰል (በልጅም) ተኻይዱ። ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ግሃድኤ ብጻይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ፡ ምስ ኮሚስዮን ሕብረት ኤውሮጳ (European Commission) ኮነ ምስ ዝተፋላለዩ ወከልቲ መንግስታት ኤዉሮጳን ካልኦት ሓለፍትን ብኣካል ተራኺቡ ጽዑቕ ርክባት ከምዘካየደ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

ብጻይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ፡ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ዘለና መርገጽ ድሕሪ ምንጻር፡ ንህዝብና ዘጋፍዕን ዝጭቁንን ንዘሎ ስርዓት ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትክኡ ዝካየድ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ ብብሩህ መግለጺ ከምዝቐረበ፡ ኣስዒቡ ከኣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤዲኪ ተጠርኒፈን ናይ ዝቃለሳ ዘለዋ ተቓወምቲ ሓይልታት ንጥፈታት ብሓፈሻ፡ ንጉዳይ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት ከኣ ብፍላይ ብምብራህ፡ ነዚ ንምዕዋት ናይ ኩሉ ደላይ ሰላምን ዲሞክራስን ፍትሕን ዝኾነ ኣካል ደገፍ ከበርክት ከምዝግባእ፡ ነቶም ዝተራኸቦም ላዕለዎት ኣካላት ሕብረት ኤውሮጳ ምሕጽንትኡ ከምዝቐረበ እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ብተወሳኺ ኣብቲ ዝተኻየደ ርክብ፡ ህዝብና ብሓፈሻ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ናብ ስደት ተገዲዶም ኣብ ዝውሕዝሉ ዘለዉ ግዜ ዘጋጥሞም ዘሎ ግፍዕን ኢሰብኣዊ ተግባራትን ብዝምልከት ዝርዝር ጭቡጥን ሓበሬታ ብምቕራብ፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕግታት መሰሎም ከም ሓተትቲ ዕቑባ ክሕለውን፡ ንኤርትራ ክመለሱ ከገድድዎም ከምዘይግባእን፡ ሕብረት ኤውሮጳ (European Commission) ሓላፍነቱ ክስከምን፡ ንጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ግቡእ ቆላሕታ ክግበረሎም ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ተሪር ምሕጽንታ ከም ዘቕረበ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ሃገርና ንምትካል ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ህዝብና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንክበጽሕ ናይ ግሃድኤ መትከላዊ እምነት ምዃኑ ንኩሎም'ቶም ዝተራኸቦም ላዕለዎት ሰብ መዚ ከም ዘረጋገጸሎም፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ንኩነታት ሃገርናን ዝካየድ ዘሎ ፍትሓዊ ቃልስናን ብንጹር ዝሕብርን ከምኡ'ውን ካብ ኣህጉራዊ ሕብረተሰብ እንጽበዮ ደጋፊ መርገጽን ዘጠቓለለ መዘክር ከምዝቐረበሎም ተሓቢሩ።
ኣብ መወዳእታ፡ ኤዉሮጳውያን ሰብ መዚ ብወገኖም፡ ነቲ ብሕቡራት መንግስታት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኤርትራ ተበይኑ ዘሎ ናይ እገዳ ዉሳኔ ብኩሉም ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ብጽኑዕ ተታሒዙ ከም ዘሎ ኣብሪሆም፡ ክብል እቲ ዝመጸንና ዜናዊ ጸብጻብ ሓቢሩ። ኣብ መንጎ ላዕለዋይ ልኡኽ ግሃድኤን ዝተፈላለዩ ኤውሮጳውያን ሓለፍትን ዝተኻየደ ርክብ ሃናጽን ዘዕግብ ውጽኢት ከም ዝነበሮን፡ ካብ'ዚ ብምብጋስ ድማ፡ መጻኢ ዝምድናታት ተቓውሞ ደንበ ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ኣወንታዊ ኣንፈት እናሓዘ ክኸይድ ምዃኑ ዝሕብሩ ምልክታት ከም ዝተኸሰቱ እቲ ዝመጸንና ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ።

## <u>ነበርቲ ሰለስተ ከተማታት ኣሜሪካ</u>
## <u>ኣባላት ግሃድኤ ኣብ ሓደ ማእዲ ዘተ፡</u>

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣብ ሰለስተ ከተማታት ማለት ኣብ ኢንዲያናፖሊስ፡ ሲንስናትን፡ ኮሎምቦስን ካብ ዝነብሩ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተወከሉ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ዝተረኽብሉ ብዕለት 1 ግንቦት 2010 ኣብ ከተማ ኮሎምቦስ ውዕዉዕን ናይ ቃልሲ መንፈስ ዘላዓዓለን ማእዲ ዘተ ኣኼባ ከምዘካየዱ ካብ ከተማ ኮሎምቦስ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ሓቢሩ።
ኣኼበኛታት፡ ኣብ ውዕሎኦም ብኣድህቦ ዝዘተዩሉ ቀንዲ ኣርእስተ ጉዳይ፡ ህልዊ ኩነታት ሃገርና፡ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ህግደፍ ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ኣመልኪቶም ብዕምቀት ከምዝተዘተዩን ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ከምዝበጽሑን፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ከምዝተሰማምዑን እቲ ካብ ኮሎምቦስ ዝበጽሓንና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ኣኼበኛ ዝተሰማምዕሎም ቀንዲ ነጥብታት፡-

1. ዕጡቕ ኣሃዱታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ንህዝቢ ዘበሳብሱ ዘለዉ ኣባላት ስለያ ስርዓት ህግደፍ ጥራሕ ፈልዩ ኣነጻጺሩ ንዝወስዶ ዘሎ ስርሒትን ንዘመዝግቦ ዘሎ ዓወታትን መጎሶም ድሕሪ ምግላጽ ናይ ሓጎሶም መግለጺ፡ ካብኦም ዝጥለብ ዘበለ ሓገዝ ንምብርካት ብዝተዓጻጸፈ መንገዲ ተወፋይነቶም ከዛይዱ ድልዋት ምዃኖም ብዕግበት ገሊጾም።

2. ኣድማዕነት ግሃድኤ መታን ክዛይድ ሓድነትን ስጥመትን ኣባላቱ ቀንዲ ምስጢር ዓወት ናይ ቃልሲ ምዃኑ ብምእማን፡ ኣብ ሰለስቲኡ ከተማታት (ኢንዲያናፖሊስ፡ ሲንስናትን ኮሎምቦስን) ዝነብሩ ኣባላት ግሃድኤ ኣብ ሓደ ጨንፈር ክጥርነፉን፡

ወግዓዊ ኣኼባታቶም ብዙር ኣብ ሰለስቲኡ ከተማታት ክኸውንን ተሰማሚዖም። ቀጻሊ ኣኼባኦም ድማ ኣብ ከተማ ኢንድያናፖሊስ ክግበር ወሲኖም።

3. ጉዳይ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብዝምልከት፡ እቲ ዝዓበየ ዕላማ ክኸውን ዘለዎ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣልጊስካ ኣምሳይኡ ኣብ ሃገርና ሰላም፡ ደሞክራሲ፡ ፍትሒ፡ ... ንምንጋስ ዝዓለመ ክኸውን ከምዝግባእ። ስለዝኾነ ከኣ ነዚ ተወጢኑ ዘሎ መስርሕ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ኩሉ ካብኡ ተረባሒ እየ ዝብል ኤርትራዊ ብዘይ ገለ ኣፈላላይ እጃሙ ከበርክት፡ ንዘጋጥሙ ሕጽረታት ወይ ግድፈታት ከኣ ብመንገዲ ዘተ ምፍታሕ። በዚ መሰረት ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ተወጢኑ ንዘሎ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ምስ ዝነጥፉ ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ሰልፍታት፡ ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ውልቀ-ሰባት፡ ደቀንስትዮ፡ መንእሰያት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣገደስቲ ባእታታት፡ ... ወዘተ ሓቢሮም ክሰርሑን ካብኦም ዝጥለብ ከማልኡን ድልዋት ምዃኖም ጸብጻብ ማኣዲ ዘተ ግሃድኤ ከተማ ኮሎምቦስ ሓቢሩ።

## ግንቦት 24 መበል 19 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብዕጡቕ ኣሃዱታትና ብድምቀት ተኸቢሩ፡

ህዝቢ ኤርትራ ሰፍ ዘይብል መሪር ነዊሕን ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዱ፡ ኣሻሓት ደቁ ምእንተ ሃገር ሞባእ ከፊሉ ዝዓተሮ ሃገራዊ ናጽነት፡ ብጉጅለ ህግደፍ ተጨውዩ፡ ድሌትን ባህግን ህዝብና ተዓቢሱ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ካብ ዝትከል እንሆ 19 ዓመታት ተቖጺሩ። ይኹን ደኣምበር ግንቦት 24 ታሪኻዊት መዓልቲ ሃገራዊ ናጽነት ኤርትራ ናይ ህግደፍ ዝይኮነትስ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ፍረ ቃልሲ ስለዝኾነት ንዘልኣለም ክትክበር እያ።

ግንቦት 24/2010 መበል 19 ዓመት መዓልቲ ሃገራዊ ናጽነት ኤርትራ ብዕጡቕ ኣሃዱታትና ብልዑል ድምቀት ተኸቢራ ውዒላ። ኣብቲ ዝተኻየደ በዓል ዝምልከቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን፡ ዕዱማት ኣጋይሽን፡ ወኪል ድምጺ ማሕበረ-ሰብኣዊት ሬድዮ ወጋሕታን ተረኺቦምዮም።

ኣብቲ መኽፈቲ ብመራሒ መድረኽ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኹም ቃል ተጀሚሩ። ቀጺሉ ብሓላፊ ኣሃዱ ሓጺር መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፡ መድረኽ ንሓላፊ ወተሃደራውን ጸጥታውን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣረኪቡ። ሓላፊ ወተሃደራውን ጸጥታውን ግሃድኤ፡ ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ናጽነት ኤርትራ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ኤርትራን ከባቢናን ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኢህወደግ ዝመርሖ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ናይ 2010፡ ዝተኻየደ 4ይ ሃገራውን ክልላውን መረጻ ብምዕዋቱ መላእ ኣባላት ኢህወደግ እንቋዕ ደስ በለኩም ብምባል ሓጎሱ ገሊጹ። ብምቕጻል ኣብ ደምበ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ዝበጋገስ ዘሎ ኣወንታዊ ምዕባለታት እዚ ከኣ ምስ ወተሃደራዊ ክንፊ ዘለወን 8 ውድባት ተጀሚሩ ዘሎ ምቅርራብ፡ ብፍላይ ከኣ ምስ ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ዝካየድ ዘሎ ሓባራዊ ስርሒት፡ ኮምኡውን ኣብ ሓምለ 2010 ክጋባእ ተወጢኑ ዘሎ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ድሕሪኡ ኣባል ፈጻሚት ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ፡ ትርጉም ናጽነት ኤርትራን ዝተኸፍሎ ዋጋን ድሕሪ ምዝርዛር ኣስዒቡ እዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ምእንቲ ሰላም፡ ደሞክራሲ፡ ማዕርነት፡ ፍትሒ፡ ኩሉ ሰብኣዊ መሰላትን ዝኸበረላ ኤርትራ ንምርግጋጽ ከምዝኾነ ኣብሪሁ። ወሲኹ ነዚ ምእንቲ ሰላምን ደሞክራስን ዝኸፈል ዘሎ መስዋእቲ፡ ድልውነት ደሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኩሎም ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣብ ቦትኡ ዘሎ ኮይኑ፡ ብፍላይ ምስ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ እንዳብረኸ ይኸይድ ከምዘሎ፡ እዚ ከኣ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ገደብ ዘይብሉ መስዋእቲ፡ ኣብ ኤርትራ ህዝባዊ ሕቶ ብደሞክራስያዊ መንገዲ ክሳብ ዝረጋገጽ ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ክቡር ዋጋ ክኸፍልን ቃልሱ ክቕጽልን ሰጋእ ከምዘይብል ኣባል ፈጻሚት እቲ ውድብ ኣረጋጊጹ። ኣብ መወዳእታ እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ንራብዓይ ግዜ ዝተኻየደ ሃገራውን ክልላውን መረጻ ብኢህወደግ ሰዓራይነት ምዝዛሙ ንመሪሕነትን ንመላእ ኣባላት ኢህወደግን እንቋዕ ደስ በለኩም ዝብል መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።
ቀጺሉ ኣብቲ መዓልቲ ናጽነት ንምኽባር ዝተኻየደ ውዕሎ ብኣባላት ዕጡቕ ኣሃዱታትና ዝተዳለወ ዝተፈላለየ ንቃልሲ ዘላዓዕል ተዋስኦ፡ ሙዚቃ፡ ግጥምታት፡ ዋዛ ምስ ቁምነገር ተሰንዩ ብልዑል ድምቀት ማዕሪጉ ውዒሉ።

## እዋናዊ ተንታን ዜናታት ኣብ ተረኽቦታት ስርዓት ህግደፍ፡

ታሪኽ ደጋጊሙ ከም ዝምስክሮ፡ ዲክታቶራውያን ስርዓታት ኣብ መደምደምታ መዋእል ስልጣኖም እንዳተቓረቡ ዝመጹሉ ግዜ፡ ንውድቀቶም ዘመላኽቱ ተግባራትን ባህርያትን ብብዝሒ ክርእዩ ዝጅምሩ ምዃኖም ይፍለጥ። ስርዓት ህግደፍ'ውን ካብዚ ፈሊኻ ዝርአ ኣይኮነን። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ኣዕናዊ ፖሊሲታቱ ዘኸተሎ ኩለንታዊ ሽግራት እናሓነቖን እናጸበበሉን ኣብ ዝመጻሉ ዘሎ እዋን፡ እቲ ብኣህጉራዊ ደረጃ ተጻዒንዎ ዘሎ እገዳ ተወሳኺ መሓንቖ ኮይንዎ ይርከብ ብምህላዉ፡ ምልክታት ውድቀቱ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናደየበ ይመጽእ ምህላዉ ንዕዘብ። ስለ'ዚ፡ ኩሎም ዲክታቶራውያን ስርዓታት ኣብ ኣጋ ውድቀቶም ሓባራዊ ረቛሒ ዝኾንዎም መለለይታት እንታይ ይመስሉ ካብ ዝብል ሕቶ ነቒልና፡ ካብኦምከ ንስርዓት ህግደፍ ኣበየናይ ቦታ ከነቐምጦ ንኽእል ንምርኣይ፡ እስከ ካብ'ቲ ብዙሕ ነዞን ዝስዕባ መለለዪ ነጥብታት ሒዝና ክንፍትሽ ንጀምር።

- ፍጹም ስልጣን ሃገር ኣብ ኢድ ሓደ ሰብ ይጠቓለል።
- መላእ ህዝቢ ኣብ ወተሃደራዊ ዕስክርና ምሽማምን፡ ኩሉ መሰላቱ ገፊፍካ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ወተሃደራዊ ዲሲፕሊን ምቑራንን፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ማሕበራዉን ቁጠባዉን ጸገማት ከየተኩር ድማ፡ ልዑላውነት ሃገር ብናይ ወጻኢ ወራሪ ሓይሊ ይብዳህ ኣሎ ኣብ ትሕቲ ዝብል ሽፋን፡ ህዝቢ ንምድንቋር ስርዓት ዝጥቀመሉ ቀጻሊ መዝሙር ይኸውን።
- ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ትሕቲ ምሕደራኡ ዝተመዝገቡ ገለ ንይምሰል ምዕባለታት፡ ብዝውንኖ መራኸቢ ብዙሓን ኣቢሉ ከም ፖሮፓጋንዳዊ መሳርሒ ክጥቀመሉ ምፍታን።
- ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታቱ ኣዚዩ ብምድኻሙን ምምህማኑን ምኽንያት፡ ንጥፈታቱ ዓቕሊ ጽበታዊ ስጉምትታት ዝዓብለሎን ዝቐደሞን ስለ ዝኸውን፡ ምስ ኩለን ሃገራት ዝህሉዎ ዝምድና ተናዳፊ መርሓ ይኽተል ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ከም ሳዕቤኑ ብዓለም ደረጃ ብተነጽሎ ይልለ።
- ምልክታት ውድቀት መላኺ ስርዓት ኣብ ዝቀላቐልሉ ወቕቲ፡ ኩሎም ላዕለዎት መንግስታዊ ትካላት ዘማሓድሩ ሓለፍቲ ኣብ ዝርፍያ ንብረት ሃገርን ህዝብን ክኣየዩን ክቀዳደሙን  ይርከቡ። ሕልናኦም ኣገዲድዎም ነዚ ተግባራት'ዚ ዝቃወሙ ምስ ዝርከቡ፡ ኣብ ልዕሊኦም ኣጸላምን ፈጠራውን ክስታት እናመስረትካ፡ ንሕስያ ዘይብሉ ቀንጻሊ ተግባራት ምክያድ።

በዚ መሰረት ክርአ እንከሎ፡ መራሒ ህግደፍ ኢሰያስ ኣፈወርቂ በይኑ ኣብ ኤርትራ ገባርን ሓዳግን ካብ ዝኸውን ነዊሕ ግዜ ወሲዱ ዘሎ ክውንነት ሃገርና ምኻኑ ካብ ኩላትና ዝተሰወረ ኣይኮነን። ካብ'ዚ ዝተፈልየ ርእይቶ ዝብሉ እንተልዮም ድማ፡ እቶም ምስኡ ብጠቕሚ ዝተኣሳሰሩ ዕሱባት መጋበርያታቱ ጥራሕ'ዮም። ክንዲ ዝኾነ፡ ብዙሓት ካብ'ዞም ዝጠቐስናዮም ሓባራዊ ረቛሒ መለለይታት ዲክታቶርነት፡ ድሮ ካብ ባሕቲ ናጽነት ኤርትራ ኣትሒዞም ክረኣዩ ዝጀመሩ'ዮም እንተበልና ምግናን ኮይኑ ኣይረኣየናን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ነዚ ፉሉይ ተንታን ከነቕርብ ዝደረኸና ድማ፡ ካብ መጀመርታ ናይ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት'ዚ፡ ብፍላይ ድማ ካብ ወርሒ መጋቢት 2010 ጀሚሩ፡ ብላዕሎዎት ሓለፍቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኤርትራ ክፍጸሙ ዝስተባሃሉ ዘለዉ ተረኽቦታት ኢዮም።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን፡ ሓሙሽተ ኮሎኔላት ምስ ኣርብዓ ሃብታማት ነጋዶ ተኣሲሮም ምህላዎም እሙናት ምንጭታትና ከረጋግጹ ቀንዮም ኣለዉ። እዞም እሱራት እዚኣቶም ድማ፡ ምስቲ ስርዓት ጥቡቕ ዝምድና ዝጸንሖምን ዘለዎምን ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ኩነታቱ ብቀረባ ንምክትታል ብቕዓት ዝውንኑን ኣፍልጦ ዘለዎምን'ዮም ይበሃል። ዝተፈላለዩ ምንጭታት ውሽጢ ሃገር የረጋግጽዎ ከም ዘለዉ ድማ፡ ምኽንያት መኽሰሲኦም ኣብ ከተማታት ኣስመራን ተሰነይን ምጽዋዕን ከረንን ምስ ዝርከቡ ሃብታማት ነጋዶ ብምምስጣር፡ ኣብ ዘይሕጋዊ (ኮንትሮባንዳዊ) ንግዲ ወርቅን ንሓስን ኣስራዝን ካልኦት ክቡራት ማዕድናትን ብስቱር ክዋፈሩ ዝጸንሑ'ዮም ተባሂሉ ይንገር። ኮይኑ ግን፡ ብዛዕባ'ዚ ክናፈስ ቀንዩ ዘሎ  ጉዳይ ሓቅነትን ሓሶትን ብጭብጥነት ከተረጋግጽ ኣጸጋሚ ኢዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ወይ ኣካል ናይ'ቶም ምስ ውድቀት ዲክታቶራውያን ዝዛመዱ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም መለለይታት ኮይኖም ክርከቡ ኢዮም፡ ወይ ድማ ባህርያት ናብ ውድቀቱ ዘምርሕ ዘሎ ስርዓት ስለ ዝኾነ፡ ነንሕድሕድካ ኣብ ምብልላዕን ምቅንጻልን ዝካየድ ዘሎ ሽርሕታት ምጥልላም ካብ ምኻን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ዝወሃቦ ኣይኮነን ኣብ ዝብል መደምደምታ'ውን ክንበጽሕ ንኽእል ኢና።

ብካልእ ወገን፡ ጀነራል ተኽለ (ማንጁስ) ሓላፊ ወተሃደራዊ ስለያ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ኣብ መጀመሪያ ግንቦት 2010 ብጉዳይ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2010 ንወተሃደራዊ ታዕሊም ዝኸዱ መንእሰያት ኣልዒሉ፡ መፈለምታዊ ጉዕዞኦም ናብ ዓዲ ዑመር እትርከብ (በጦሎኒ 41) ከምርሑ ከም ዘለዎም ዝሕብር ዕላዊ ትእዛዝ ምትሕልላፉ ይንገር። ነዚ ንምሕባር ኣብቲ ከባቢ ንዝርከብ ህዝቢ ጸዊዑ ኣኼባ ምክያዱን፡ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ከባቢ ወረዳ ጋሉጅ ኣብ መጋቢት መምርሒ ዝተዋህቦም ወለዲ ኣስታት 600 ዝኾኑ ከም ዝነበሩ ይሕበር። እዚ ትእዛዝ'ዚ ይመሓላለፍ ደኣ'ምበር፡ እቶም መንእሰያት ብምሉኦም ናብ ሽገራብ መደበር ስደተኛታት ሱዳን ጌና ከሎ ከም ዝሃደሙ ይፍለጥ።

ድሕር'ዚ፡ ጀነራል ተኽለ 'ማንጁስ' ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኮይኑ፡ ከም ብሓድሽ ንመላእ ህዝቢ ጋሉጅን ከባቢኣን 8 ግንቦት 2010 ኣብ ኣኼባ ክርከቡ ጸወዐ። እቲ ኣኼባ ኣብ ዕለቱ'ኳ እንተተጋበአ፡ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ድሕሪ ህድማ ንዕስክርና ዝተሓጽዩ መንእሰያት ምንባሮም ይፍለጥ። ጀነራል ተኽለ 'ማንጁስ' ምስ ወለዲ ዘልዓሎ ቀንዲ ኣርእስቲ፡ ጉዳይ ናይ'ቶም ዝሃደሙ ደቆም ኢዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ፡ ጀነራል ተኽለ 'ማንጁስ' "እቶም ንክፍሊ ታዕሊም ክኸዱ ብጽሑፍ ትእዛዝ ዘመሓላለፍናሎም ንሽገራብ ሃዲሞም ኣሎዉ፡ ስለ'ዚ ከይድኩም ኣምጽኡዎም" ክብል ነዞም ወለዲ ትእዛዙ ኣፍለጦም። ስዒቡ ድማ፡ ወለዶም ኮይንኩም ክሳብ 15 ግንቦት 2010 ዘይተምጽእዎም እንተኮይንኩም፡ ኣብ ልዕሌኹም ሕጋዊ ስጉምትታት ክንወስድ ኢና" ኢሉ ታህዲድ ዝመልአ መጠንቀቕታ ኣስመየም።

ብድሕሪኡ 16 ግንቦት 2010፡ ዓቕመ-ኣዳም ዝበጽሑ መንእሰያት ብሕጋዊ ዓይኒ ካብ ቁጽጽር ወለዶም  ወጻእን ከም ዜጋታት ሃገር ብነብሶም ዝሓድሩን ምኻኖም ከየገደሶን፡ ከም ደቂ ሃገር ዘለዎም ብህይወት ናይ ምንባር ውሕስነት ብምንፋግን፡ ነቶም ደቆም ከምጽኡ ዘይከኣሉ ወለዲ እዚ ዝስዕብ ንሞት ዘሳጥሕ ውሳኔ ኣውረደሎም፡-

1. ካብ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝሃደመ ውላድ ዘለዋ ስድራቤት፡ ካብ ጥዕናውን ትምህርታውን ኣግልግሎት መንግስቲ ትውገድ።
2. ኣብ ዝኾነ ቦታ ድኳን ይኹን ካልእ ንግዳዊ ትካል ዘለዋ ከም ዝዕጾ ይግበር።
3. ንዓመታዊ መነባብሮኣ ትጥቀመሉ መሬት ትምንዛዕ።
4. ካብ'ቲ ብመጠኑ ኣብ ዕዳጋ ዘሎ ዋጋ ሕስር ብዝበለ፡ ህግደፍ ባዕሉ ንመሸጣ ዘቕርቦም ከም ሽኮር ዝኣምሰሉ መሰረታውያን ተደላይነታት ገዚኣ ከይትጥቀም ትሕረም። ክብል ትእዛዝ ኣውረደ።

ብዛዕባ ጠገለ ዘይብሎም ኣመሓደርቲ ስርዓት ህግደፍ ጸብጺብካ ዘይውዳእ ምኽኑ ዝሕብር ካልእ መረዳእታ፡ ወዲ 'ዓንደ' ዝተባህለ ኣማሓዳሪ ወረዳ ጋሉጅ፡ 12 ግንቦት 2010 ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እቲ ወረዳ ዘይሩ ኣኼባታት ምክያዱ ይሕበር። ዘልዓሎም ኣርእስትታት ከኣ እዞም ዝስዕቡ ነይሮም፡-

1. ጉዳይ ዝሃድሙ ዘለዉ መንእሰያት፡
2. ከመይነት ኣከፋፍላ ትራክተራት ኣብ ናይ ለምዘበን ሕርሻ፡

ብዛዕባ ዝሃድሙ መንእሰያት ኣልዒሉ ክዛረብ እንከሎ፡ ወለዲ ንደቆም ካብ ሽገራብ ክመልሱዎም ይፈትኑ፡ ካብ'ዚ ሓሊፉ ከይዶም ምስ ደቆም ክጽምበሩ ዝደልዩ እንተሃልዮም ድማ፡ ማዕጾ ክፉት'ዩ ክብል ከይሓነኸ ሓበሮም። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ዝተረኽቡ ዓበይቲ ሰባትን ገዳይም ተቓለስትን፡ "ንሕና ንሱዳን ክንከይድ ወይ ክንሃድም ድልየት እንተልዩና፡ ነዚ ብሽመይ ንፍጽሞ ካባኻ ሓበሬታ ወይ መምርሒ ንደልየሉ ኣይኮነን"፡ ክብሉ ብክቱር ቁጠዐን ኣንጸርጽሮትን ከም ዝመለሹሉ ኣብኡ ካብ ዝወዓሉ ምንጭታት ይሕብሩ። ስለ'ዚ፡ "ዘረባኻ ቅጥዒ ዘለዎ ኣይኮነን ድሕሪ ምባሎም"፡ ብዛዕባ ዘጓነፎም ዘስደምም ጉዳይ ናብ ሙሳ ራብዓ ኣማሓዳሪ ዞባ ጋሽባርካ ጥርዓኖም ከም ዘቕረቡ ይንገር።

ምስ'ዚ ኣብ ተቐራረበ ዕለት፡ ኮሎኔል 'ወሎ' ብዝብል ቅጽል ስም ዝጽዋዕ ሓላፊ በጦሎኒ 41፡ ብዛዕባ ህድማ መንእሰያት ካብ ወተሃደራዊ ታዕሊም ኣልዒሉ፡ ኣብ ዓድ ዑመር ተኣኪቦም ምስ ዝነበሩ መንእሰያት 13 ግንቦት 2010 ተረኺቡ ኣብ ዝሃቦ መደረ፡ "እዞም መንእሰያት ሃገራዊ ስምዒት ዘይብሎም'ዮም፡ እቲ ዘሕዝን ግን ንፖሊሲታት ስርዓትን ዘካይዶ ጭፍጨፋን ጸሊኦም ዝሃድሙ ዘለዉ ምኳኖም'ዩ" ክብል ንምእማኑ ዘጸግም ኣገራሚ ዘረባ ኣስመየም። ቀጺሉ "ካባኻትኩም ምሳና ኮይኑ ክዕለም ዝደሊ ኮፍ ክብል፡ ህድማ ዝመርጽ እንተልዩ ከኣ ክኸይድ ማዕጾ ክፉት'ዩ" ክብል ብዘይ ስክፍታ ከም ዝሓበሮም ይሕበር። እቶም መንእሰያት ነቲ ኣጋውሎኡ ዝሰሓተ መደረ ድሕሪ ምስማዕ ብኸምዚ መለሱሉ፡-

1. ንጥምየት ተሳጢሖም ምርካቦም፡ መነባብሮ ስድራ ቤታት ኣዚዩ ሕማቕ ምኳኑ፡
2. ናህሪ ዋጋ መሸላን ሽኮርን ሰማይ ዓሪጉ ንምግዛኡ ዝኾነ ዓቕሚ ዘይምህላዉ፡
3. ሕርሻዊ እቶት ዝሓለፈ ኣዝመራ ምፍሻሉን፡
4. ከምኡ'ውን ደሞዝ ዝበሃል ንምልክት ርኢና ዘይንፈልጥ ምኳንና እናተፈልጠ እንከሎ፡

እቲ ዝበኣሰ ድማ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሕሱም ኩነታትን ጸገማትን ዝሓደግናዮም ስድራታት ከም ዘለዉና እናፈለጥኩም እንከለኹምን፡ ኣብ ክንዲ ስድራና ክንኣሊ ትሓድጉና፡ ንወተሃደራዊ ታዕሊም ኢልኩም እናሻዕ ከተከላብቱና ምርካብኩም፡ ብመሰረቱ ቅኑዕ ዲዩ? ክብሉ ኣምሪሮም ከም ዝሓተቱ ይንገር።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ብርክት ዝበለ ቁጽሪ ኮሎኔላት ተሳቲፎም ከም ዝነበሩ ይንገር። ካብ መንእሰያት ዝሰምዕዎ ርእይቶታት መሰረት ብምግባር ድማ፡ ወተሃደራዊ ክፍሊ ታዕሊም ካብ ዓድ ዑመር ተላዒሉ ናብ ኣጻምእን ምድረ-በዳን ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ክቕየር ምውሳኖም ይፍለጥ። ስዒቦም ብ15 ግንቦት ኣብ ዓበይቲ መርሰደስ ማካይን ኣሳፊሮም ከም ዘግዓዝዎም ምንጭታትና ዘረጋገጽዎ'ኳ እንተኾነ፡ ብዛዕባ ዝገዓዝሉ ሓዲሽ ቦታ ኣበይ ምኳኑ ክሳብ ሕጂ ዝተፈልጠ የለን። ካብ'ቶም ኣብ መጀመርያ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ዓድ ዑመር ዝኣከብዎም 475 ዝብዝሖም መንእሰያት ድማ፡ ካብ 250 ዘይውሕዱ ንሱዳን ከምዝሃደሙ ይሕበር።

ብርእይቶና፡ መንነትን ኣበሃህላን ናይ'ቶም 'ዓሪፈ ክቕመጥ'የ ዝበለ ይቀመጥ፡ ኣይፋለይን ዝበለ ከኣ ንዕርበቱ ክጠፍእ ማዕጾ ክፉት'ዩ' ዝብሉ፡ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ሓፋሽ ዝተፍኦም ወተሃደራውያን ሓለፍትን ኣማሓደርትን ስርዓት ህግደፍ፡ ምስ'ቶም እዚ ግፍዕታት'ዚ ኣብ ልዕሊኦም ዝወርድ ዘሎ ካብኦም ፍልይ ዝበለ ብሄራዊ መበቆልን ሃይማኖታዊ መንነትን ዘለዎም ኣብ ምዕራባዊ ጐላጉልን ቆላታትን ኤርትራ ዝነብሩ ዜጋታት ሃገር ኣተኣሳሲርካ ክረአ እንከሎ፡ ሓደገኛ ዕላማ ዘለዎ'ዩ ንብል። እዚ እናበሉ እንከለዉ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊኦም ዝኾነ ስጉምቲ ዘይምውሳዱ'ውን ዘገርመና ኣይኮነን። ካብ'ዚ ተበጊስና፡ ከምጽኦ ዝኽእል ጠንቃምን ተሃዋስን ዝኾነ ሳዕቤናት ሸለል ኢልካ ክረአ የብሉን በሃልቲ ኢና። ካብ'ዚ ሓሊፉ፡ ወለዲ ንደቆም ካብ ስደት ብፍሉጥ ምኽንያት ክመልሱ ዘይክእሉ ምኳኖም እናተፈልጠ እንከሎን፡ ካብ ምንጋጋ ጨቋኒ ስርዓት ህግደፍ ሓንሳብ ዘምለጠ መንእሰይ ምስ ዝምለስ ዝጽበዮ ሕሱም ማእሰርትን ቅንጸላን ምኳኑ ብሩህ እናሃለወን፡ ደቅኹም ክትመልሱ ኣይከኣልኩምን ብዝብል ምስምስ ኣሳቢብካ፡ እንኮላይ ነቶም ኣብ ሃገሮም ዝተረፉ ወለዶም ከይተረፈ ውሕስነት መነባብሮኦም ዓጺኻ ንሞት ምፍራድ፡ ንሳቶም'ውን ሃገር ጠንጢኖም ደድሕሪ ደቆም ክስደዱ ኮነኢልካ ዝካየድ ዘሎ ሸርሕታት ካብ ምኳኑ ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ዘለዎ ኮይኑ ኣይረኣየናን።

እዚ ተግባራት'ዚ፡ ኣካል ናይ'ቲ ስርዓት ህግደፍ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ኣትሒዙ ኣበኪሩ ዝተዓጥቀሉ ከበሳዊ ትምክሕትነትን፡ ካብ ቀረባ እዋን ኣትሒዙ ድማ መላእ ዓድታት ከበሳ ኤርትራ እናፈናቐለ ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ብምስፋር፡ ከካይዶ ዝጸንሖን ዘሎን ደሞግራፍያውን ስነ-ኣእሙራውን ለውጥታትን ምቅይያራትን ዝያዳ ንምምድማድ፡ ነቲ ዝጸንሐ ጸጋታት ማሕበራውን ሃይማኖታውን ባህላውን ብዙሕነት ሕብረተሰብና ብመሰረቱ ኣፍሪስካ ንምቕያር፡ ስርዓት ብዘይ እዉጅ መንገዲ ባሪኹ ዘካይዶ ዘሎ ዘገምታዊ ማሕበራዊ ህንደሳን Social engineering ምጽራይ ማሕበረ-ኤትኒካዊ ጉጅለታትን ከይኮነ ኣይተርፍን'ዩ ኢልና ንግምት። ኣብ ሞንጎ ብሄራትን ማሕበራዊ ጉጅለታትን ክህሉ ዝግብኦ ማሕበራዊ ቅሳነት ኣቋሲሉ፡ ኤርትራዊ ኣሃዱነት ዘናውጽ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ካብ ዘለወን ስሙር መርገጽ ተበጊሰን፡ ጌና ከይሳዕረረ እንከሎ ክገጥምኦ ዘለወን ምዃኑ ይረኣየና።

## ኣገደስቲ ዜናታት፡

1. ክሳብ ቀረባ እዋን ሓደስቲ ምርዕዋት ሱዳናውያን ኣዋርሕ ሕጽኖቶም ከም ልሙድ ኣብ ኣስመራ ከሕልፍዎ ምጽንሖም ይፍለጥ። ሕጂ ግን ስርዓት ኣስመራ መገሻ ሕጽኖቶም ካብ ከተማ ተሰነይ ከይሓልፍ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ምህላዉ ይንገር። ንምንታይ እዚ ትእዛዝ'ዚ ኣመሓላሊፉ ክሳብ ሕጂ እቲ ስርዓት ዝሃቦ መብርሂ ወይ ምኽንያት የለን። መንቀሊኡ ስርዓት ምስ ተቓወምቲ ሱዳን ኣብ'ቲ ከባቢ ዘካይዶ ዘሎ ጽዑቕ ምንቕስቓስ ካብ ተዓዘብቲ ንምኽዋል ዲዩ፡ ወይስ ገያሾ ሱዳናውያን ዓይነ-ምስክር ናይ ዘጋጥሞ ዘሎ ጸጥታዊ ጸገማት ኮይኖም ከይርከቡ'ሞ ከየቃልሕዎ ስለ ዝተሰከፈን ዝሰግኣን'ዩ፡ ምስ ግዜ ዝረአ ምዕባሌታት ዘረጋግጾ ክኸውን'ዩ ንብል።
2. ኣብ ገርሰት ጋሽ ዝርከብ 70 ሄክታር ዝኸውን መሬት፡ ምስ ኩባንያ ሆሚብ ብምትሕብባር ጡጥ ናይ ምዝራእ ፈተነታት ከተካይድ ዝጸንሐት ናይ ቻይና ኩባንያ፡ ዘካየደቶ ምርምር ፈሺሉ ዓቢይ ኪሳራ ድሕሪ ምስካም ከም ዘቋረጸቶ ይፍለጥ።
3. ኣስቃጥላ ኮሚደሮ ብምዕሻግ ትምስርሕ ዝነበረት ፋብሪካ ኣፍሁምቦል ካብ ስራሕ ጠጠው ኢላ ምህላዋ ተረጋጊጹ።
4. ኣብ ኣለቡ ኣጅቦን (ፎርማጆ) ዝስተ ማይን ትምስርሕ ዝነበረት ፋብሪካ፡ ካብ ሚያዝያ ጀሚራ ስራሓ ኣብ ኣጅቦ ምምስራሕ ጥራሕ ተደሪቱ ይርከብ ምህላዉ ይፍለጥ።

### ዑደት ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ግሃድኤ ናብ ሃገረ ጣልያን፡

ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ዝመርሖ ልኡኽ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ ዕለት 09/06/2010 ክሳብ ዕለት 12/06/2010 ናይ ስራሕ ዑደት ናብ ሃገረ ጣልያን ኣካይዱ።
ሓላፊ ወጻኢ ዝምድናታት ግሃድኤ ምስ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ጣልያንን ሰልፍታትን ኣገደስቲ ካልኦት ዘይመንግስታዊ ትካላትን ጽዑቕን ሃናጽን ርክባት ከካይድ ከምዝቐነየ ካብ ሮም ዝበጽሓንና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ'ቲ ምስ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳይ ጣልያን ዝተኻየደ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ርክብ፡ ልኡኽ ግሃድኤ፡ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዘለዎ ሚዛን ኣስፊሩ፥ ኣብ ማሕበራዉን ምጣነ ሃብታውን ኩነታት ህዝቢ ኤርትራን፡ ኣብ ፖለቲካዉን ሰብኣዉን መዳይን፡ ኩነታት ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ኣብ ጉዳይ ምግባእ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ዘጠቓለለ ሰፊሕ መግለጺ ከምዘቕረበን፡ ዝተራኸቦም ላዕለዎት ሰብ መዚ ዝሃብዎ መልሲ ኣዕጋቢ ምንባሩን ካብ ሮም-ጣልያን ዝበጽሓንና ጸብጻብ ሓቢሩ።
ዶክተር ዩሱፍ ብርሃኑ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ መንግስቲ ጣልያን፡ ኣብ ክሊ ሓድነት ኤውሮጳ ብዘለዎ ተራን ግደን፡ ህዝብና፡ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ምሕደራ ህግደፍ ዘሕልፎ ዘሎ ኣሰቓቒ ኩነታት ንምግልጋል ዝውሰድ ውሳኔታት ክድግፍ ምሕጽንታኡ ኣቕሪቡ።

ኣብ ሰብኣዊ መዳይ፡ ነቶም ኣብ መሬት ጣልያን በጺሖም ዕቑባ ዝሓቱ መንእሰያትና ግቡእ ቆላሕታ ክግበረሎም ኣመልኪቱ። ካብኡ ቀጺሉ ከኣ ነቶም ኣስታት 13,000 ዝኾኑ ካብ ኤርትራ ሃዲሞም ኣብ እስራኤል ዕቑባ ሓቲቶም ዝርከቡ መንእሰያት፡ መንግስቲ እስራኤል ንኤርትራ ክመልሶም ምስ ስርዓት ኢሳያስ ብዛዕባኦም ኣብ ዝርርብ ኣትዩ ምህላዉ ብምሕባር፣ መንግስቲ ጣልያን ምስ እስራኤል ብዘለዋ ጽቡቕ ዝምድና መሰረት፡ ሂወት መንእሰያትና ካብ ሓደጋ ንምድሓንን፡ ኩነታቶም ሰብኣዊ ቆላሕታ ንክግበረሉን፡ መንግስቲ ጣልያን ዝከኣሎ ጻዕሪ ከካይድ ላዕለዋይ ልኡኽ ግሃድኤ ተሪር ምሕጽንታ ምቕራቡ ተሓቢሩ። ዑደት ልኡኽ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ሃገረ ጣልያን ዘካየዶ ርክባት ኣገዳስን ኣፍራይን ምንባሩ እቲ ዝመጸና ሓበሬታን ጸብጻብን ኣረጋጊጹ።

### ጨንፈር ጅዳ ግሃድኤ ሰፊሕ ኣኼባ ኣካይዱ፡

ብጻይ ዓብደላ ማሕሙድ ሓላፊ ህዝባዊ ውደባ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ኣብ ጅዳ ምስ ዝተፈላለዩ ግዱሳት ባእታታት ርክባት ክገብር ድሕሪ ምቕናይ፡ ብዕለት 31 ግንቦት 2010 ናይ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጨንፈር ጅዳ ሰፊሕ ኣኼባ ከም ዘካየድ ካብቲ ቦታ ዝተላእከልና ጸብጻብ ገሊጹ። ብጻይ ዓብደላ ማሕሙድ ኣብ ሃገራዊ መዳይ፡ ስርዓት ህግደፍ

ናብ ውድቀት ብዝደፍእዎ ኩሉ-መዳያዊ ቅልውላው ይሕቆንን፡ ብውሽጡ ናይ ምሕዳስ ዓቕምታትን ተኽእሎታትን ከም ዘጸንቀቐን፡ ግዜ መናወሒ ስልጣኑ ንምሽማት ኣብ ህዝብና ኩሉ ዓይነት ሓደገኛ ቅርሕንትታት ይነዝሕ ምህላውን ኣብሪሁ።

ከምኡ'ውን ጸረ ስርዓት ህግደፍ ዘቕነዐ ህዝባዊ ተቓውሞ ዝተፈላለየ መልክዓት እናሓዘ ይሰፍሕ ምህላውን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ሃገራዊ መሳርዑ ንምእካብን፡ ንሰላምን ዲሞክራስን ኤርትራ ዘገልግል ባይታ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ባህላውን ስኒት ንምንጻፍ፡ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ምስንዳእን ምዕዋትን ይዓዪ ምህላዉ ሓቢሩ። ብተወሳኺ ብጻይ ዓብደላ ማሕሙድ ነቲ ኣብ ሞንጎ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ዘሎ ምውህሃድን፡ ወተሃደራዊ ክንፊ ዘለወን ሸሞንተ ውድባትን ዝተበጽሐ ስምምዕ ወተሃደራዊ ምውህሃድን፡ ንኤርትራዊ ቃልሲ ተቓውሞ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክብ ኣብ ምባል ኣገዳሲ ረቛሒ ተጋድሎ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ብጻይ ዓብደላ ማሕሙድ ኣብ ውድባዊ መዳይ ድማ፡ ውድብና ሳላ ስጡም መሪሕነትን ተወፋይነት ኣባላትን፡ ኣብ ፖለቲካውን ስርዒታውን ዲፕሎማስያውን ወተሃደራውን መዳያት ቃልሲ ኣገዳሲ ስጉምቲ ንቕድሚት ሰጕሙ ምህላዉን ኣወንታዊ ውድባዊ መኸሰባት ኣረጋጊጹ ምህላውን ሓቢሩ። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሰፊሕ ዋዕላ ንምዕዋት ኣበርቲዑ ይቃለስ ምህላዉ'ውን ኣረጋጊጹ። ጨንፈር ጅዳ ኣካል እዚ ተረጋጊጹ ዘሎ መኸሰባት ብምዃኑ ግዲኡ ንምዕዛዝ ካብቲ ዝሓለፈ ብዝሓሸ ብራኸ ክቃለስ ጸዊዑ።

## ተንታን ዜናታት ውሽጢ ሃገር፡

"ንወራር ወያነ ንመክት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣደናጋሪ ጭርሖ፡ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ተሳቲፎሞ ተባሂሉ ዝንገረሉ ሰሚናር፡ ኣብ ከተማ ተሰነይ ካብ 28 ክሳብ 30 ግንቦት 2010 ከም ዝተጋብአ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ሓቢሮም። ኣብ'ዚ ሰሚናር'ዚ ካብ ዝተሳተፉ ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን ስርዓት ህግደፍ፡ ካብ'ቶም ናብ ኀይቶት ወይ ነጋውስ ውግእ ገቢሎም ዝርከቡ ዘለዉ ጀነራል ሃይለ ሳሙኤል ኣዛዚ ስርሒት ዞባ ክልተን፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝኾነ ሙሳ ራብዓን፡ ኣመሓደርቲ ወረዳታት ዞባን፡ ብዝሓም ዘይተፈልጠ ወከልቲ ገዛኢ ሰልፍን ከም ዝተሳተፍዎ ይፍለጥ። ኩነታት ከባቢ ተገዲሶም ካብ ክኸታተሉ ዝጸንሑን ዘለዉን ገለ ተዓዘብቲ ነዚ ድሕሪ ምዕዛብ ይህብዎ ዘለዉ ሚዛን ድማ፡ ካብ ኩነታት ቅልውላው ወጻኢ ወትሩ ክነብር ዘይክእል ስርዓት ህግደፍ፡ ስልጣን ብኢደ ወነኑ ካብ ዝሕዝ ኣትሒዙ፡ ደጋውያን ጸላእቲ ወግሐ ጸብሐ እናፈብረኸ ንህዝብና ኣብ ትሕቲ "ንወራር ንመክት" ዝብል ስነ-ኣእሙራዊ ጅሆነት ንምዝናብ፡ ከካይዶ ዝጸንሐን ዘሎን ፕሮፓጋንዳዊ ወፈራታት ሓሶት ምዃኑ እናተቓልዐ ምምጽኡን፡ ቀንዲ ጸላኢ ኤርትራን ህዝባን ባዕሉ'ቲ ኣረሜናዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምዃኑ ንህዝቢ ብስፍሓት እናበርሃሉ ስለ ዝኸደን፡ ዕርቃኑ ወጺኡ ዝሰሓግ ዘሎ ስርዓት በትረ ስልጣኑ ንምንዋሕ ክብል፡ ንህዝቢ ጌና ንምድንጋር ዝገብሮ ዘሎ ከንቱ ፈተነ ምዃኑ ይእምቱ። ነዚ ዘረጋግጽ ካብ ዘቕርብዎ ጭብጥታት፡ መንእሰያት ኤርትራ ናብ'ታ ቀንዲ ጸላኢቶም ተባሂላ ወግሐ ጸብሐ ንዓመታት ትንገሮም ዝነበረት ኢትዮጵያ ከይተረፈት፡ ክሳብ ህይወቶም ሰዊኦም ንስደት ይውሕዙ ምህላዎም፡ ስርዓት ህግደፍ ኣንጻር ጐረባብትና ብፍላይ ኢትዮጵያ ዘካየዶ ናይ ጽልእን ቅርሕንትን ፕሮፓጋንዳ መለሳ ዘይብሉ ፈሺሉ ምህላዉ እኹል ኣብነት'ዩ ይብሉ።

ውሽጣዊ ቅሳነት ሃገረ ሱዳን ኣናዊጹ ተዋጋዪ ስልጣን ንምዃንን፡ ብፍላይ ኣብ ጉዳይ ቅልውላው ዳርፉር ዘለዎ ጣልቃ ኣእታውነት ዝያዳ ዘገልግሎ ናይ ጸቕጢ መጣልዒ ካርታ ንምሕያልን፡ ካብ ክኽተሎ ዝጸንሐን ዘሎን እከይ ፖሊስታትን ተናዳፊ ተግባራትን፡ ኣብ ከባቢ ሳዋን ፎርቶን ምሉብር ኣብ ዝተባህለት ቦታ፡ ኣስታት 90 ዝኾኑ ተጋደልቲ ብዓብደል ዋሒድ መሓመድ ኑር ዝተባህለ ዝምራሕ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ሱዳን ዓሊሙ፡ ኣብ 30 ግንቦት 2010 ከም ዘመረቐ ይፍለጥ። ገለ ክፋል ካብዚኣቶም ካብ እግርማይካ ንሰሜን ኣብ ትርከብ ኮር ደባባት ዝተባህለት ቦታ ክዕስክሩ እንከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ከባቢ ኦም ሓጀር ዝርከብ ኀቦ ሰራራት ደባይ መነሃርያኦም ኣጣይሶም ከም ዘለዉ ይንገር። ካብ'ዚ ሓሊፉ፡ እዚ ምንቅስቓስ'ዚ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ኣብ ከባቢ ኦም ሓጀር መዓስከር መስሪቱ ክንቀሳቐስ ምጽንሑ፡ ካብ ዓይኒ ህዝቢ ከባቢ ዝተሰወረ ስለ ዘይነበረ፡ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኮይኑ ምጽንሑ ይፍለጥ። ምስ'ዚ፡ ሰራዊት'ዚ ምንቅስቓስ'ዚ ሓደ ኣደም በርመጅ ዝተባህለ መራሒ ኣካል ስለያ'ዚ ውድብ'ዚ ምስ ሙሳን ሙስጣፉን ዝተባህሉ ተሓጋገዝቱ ኮይኑ ዝመርሖን፡ ብሓደስቲ ላንድ ክሩዘራትን ኣዚዩ ዘመናውን ምዕቡልን ዝኾነ ናውቲ መራኸብታት ዝተዓጥቀን፡ ካብ ከባቢ ኦም ሓጀርን ጋሉጅን እናተበገሰ ንጥፈታቱ ከካይድ ዝጸንሐን ዘሎን ምዃኑ ኣብ ቀረባ ዘለዉ ምንጭታት የረጋግጹ። ቀንዲ ዕማሞም ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ተራ ሰራሕተኛታት ሕርሻ ዝብል ጉልባብ ሱዳናውያን ደቂ ዳርፉር ናብ ኤርትራ እናስለኹ፡ ወተሃደራዊ ምልመላን ታዕሊምን ምክያድ ምዃኑ ይንገር። ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ግንቦት ክሳብ 35 ዝኾኑ ደቂ ዳርፉር ንወተሃደራዊ ምልመላ ኣኪቦም ምህላዎም ድማ ካብ ተቐማጦ ከባቢ ዝተረኸብ ሓበሬታ የረጋግጽ።

ኣብ ተሰነይ ዝርከብ ቤት ምግቢ ሓደ መንሱር ኣቡ ራያ ዝተባህለ ቀንዲ ወይጦ ስርዓት ህግደፍ፡ ብሰዓታት ዝትኮስ ነታጒ 29 ግንቦት 2010 ተጻዊዱ ከም ዝተረኽበ ይሕበር። ዋና ቤት መግቢ ዝኾነን ከባቢ ዘሰከሐን ሰላይ ስርዓት፡ ኣብ ንብረቱ ጓና ዝኾነ ነገር ድሕሪ ምዕዛቡ ቀልጢፉ ንፖሊስ ከም ዘፍለጠን፡ ፖሊስ ነቲ ክትኮስ ቁሩብ ደቓይቕ ተሪፍዎ ዝነበረ ነታጒ ተጓይዮም ብሃንደሳ ከምክንዎ ከም ዝኸኣሉን፡ ካብ ከተማ ተሰነይ ዝመንጨወ ሓበሬታ የረጋግጽ። ኮይኑ ግን፡ ድሕሪ'ዚ ፈተነ'ዚ ዘለዉ ሓይልታት ወይ ባእታታት መን ምዃኖም ክሳብ ሕጂ ዝተፈልጠ የለን። ናብ ውድቀቱ እናንቀልቀለ ዝኸይድ ዘሎ ስርዓት ብቐረባ ዝከታተሉ ተዓዘብቲ ካብ ዝህብዎ ዘለዉ ምናልባታትን ግምታትን ግን፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ከም'ዚ ዝኣምሰለ መስርሕ ዕንወት ዝኣተወን ናብ ምብትታን ገጹ ዘምርሕ ዘሎን ስርዓት እናማዕበለ ዝኸይድ ሕድሕዳዊ ምጥልላምን ምቅንጻልን መጋበርያታቱ ካብ ምዃኑ ሓሊፉ ካሊእ ክኸውን ኣይክእልን ዝብል'ዩ።

ካብ ሓደ ወተሃደራዊ ኣሰልጣኒ ስርዓት ህግደፍ ረኺብናዮ ዝብሉ ምንጭታት ኣብ'ዚ እዋን'ዚ የረጋግጽዎ ከም ዘለዉ፡ ኣብ ሞንጎ *ካዕላይን ምኅሎን* ትርከብ *ኮርማና* ዝተባህለት መደበር ዝሰልጠኑ ሶማላውያን ተጋደልቲ ምንቅስቓስ ኣል ሸባብ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ መዓልታት ወተሃደራዊ ስልጠናኦም ኣጠናቒቖም፡ ናብ'ቲ ኣብ ዓሰብ ዝርከብ ቀንዲ መዓስከር ኣል ሸባብ ከም ዝተጓዕዙ ይሕበር። እዚ ተግባራት'ዚ ዝተዓዘቡ ኤርትራውያን ዝርከብዎም ሰዓብቲ ፖሎቲካዊ ኩነታት ከባቢ፡ ምስ'ቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ'ኡ ተጻዊኑ ዘሎ እገዳ ሕቡራት መንግስታት ካብ ዝባኑ ንምውራድ ዝዕላምኡ፡ ምስ'ተን መከራኸርቱ ዝኾና ሃገራት ጅቡትን ሶማልያን ሰላም ንምፍጣር፡ ብሞንጎኝነት ቀጠርን ካልኦት ጌና ጉልባቦም ዘይቀልዑ ወገናትን ርኽክባት የካይድ ምህላዉ ይሕበር፡ እንተኾነ ግን፡ ንይምሰል እንተዘይኮይኑ፡ ካብ'ቲ ወትሩ ልማዱ ዝኾነ ምዕጣቕን ምስናቕን ምውፋርን ሽበራነት ክእረም'ዩ ኢልካ ትጽበዮን ትኣምኖን ስርዓት ዘይምኻኑን ይመዝኑ።

35 ዝኾኑ ፈኮስቲ ብረትን፡ ፍሉይን ዓይነታውን ዝኾነ ናይ ርሕቀት መርኣይን፡ ዘመናዊ ናውቲ መራኸብን ዝተዓጥቁ ኣባላት ወተሃደራዊ ስለያ ስርዓት፡ ካብ'ቲ ብድሩዓት መካይንን፡ ታንክታትን፡ ከበድቲ ብረትን ዝተዓርደ ድልዱል ወተሃደራዊ መደበር *ጀበል ሓሚድ* ብእግሪ ተበጊሶም፡ 30 ግንቦት 2010 ናብ ጎቦታት *ማእከላይ* ክድይቡ ከም ዝተራእዩ ዝተኣምኑ ምንጭታት ከባቢ ኣረጋጊጾም። ብዛዕባ ዕማም'ዚ ጉጅለ'ዚ ግን ክሳብ ሕጂ ዝተፈልጠ የለን።

ኣብ'ዚ ቀረባ መዓልታት'ዚ፡ ሙሳ ራብዓ ዝተባህለ ኣመሓዳሪ ጋሽባርካ፡ ዝኾነ ወዲ ሃገር ካብ ክልተ ሄክታር ንላዕሊ ዝስፍሓቱ መሬት ክሓርስ ብሕጊ ክልኩል ምኻኑ ኣመልኪቱ፡ ካብ'ዚ ንላዕሊ ኣብ ትሕቲ ውነና ሓረስቶት ዝርከብ መሬት ናብ መንግስቲ ብወለንታ ክምለስ ከም ዘለዎ ብምሕባር፡ ብወለንትኦም ንዘየረከቡ ድማ መንግስቲ ብሓይሊ ክምንዝዮም ምኻኑ ዘፍልጥ ኣዋጅ ናብ ህዝቢ ከም ዘውረደ ምስ ውድብና ቅርበት ዘለዎም ዝተኣምኑ ምንጭታት ይሕብሩ። ህዝቢ ከባቢ ነዚ ውሳኔ'ዚ እንታይ ይመስልን፡ ናበይ ከምርሕን'ዩ ካብ ዝብል ተበጊሱ ካብ'ቲ ቀንዲ መልሲ ሓርቢትዎ ክጭነቐሉን ክዛረበሉን ዝቐነየ'ኳ እንተኾነ፡ ሓደን መቐጸልታን ናይ'ቲ ስርዓት ህግደፍ ስልጣን ካብ ዝግብት ኣትሒዙ፡ ክሳብ ንዜጋታት ብሕታዊ መነባብሮኦም ብውሳኔኦም ከይመርሑ ካብ ኢዶም ምምንዛዕን፡ ናብ ጊላታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቕያሮምን፡ ካብ'ዚ ዝበኣሰ ድማ ንኣደዳ ጥሜትን ዓጸቦን ሸሚምካ ኣብ ትሕቲ ዊንታ ሰበ-ስልጣን ስርዓት ከም ዝምብርከኹ ንምግባሮምን፡ በላዕ ሰብ ዝኾነ ስርዓት ከካይዶ ዝጸንሐን ዘሎን ኣብራስን ጸረ-ህዝባውን ተግባራት ምኻኑ ይፍለጥ።

ሓደ ካብ'ቲ መወዳእታ ዘይብሉን፡ ደሊኻ ደላሊኻ መግለጺ ዘይርከቦን፡ ዘስደምም ኢ-ደ-ወነናዊ ተግባራት ሰበ-ስልጣን ህግደፍ ከነልዕል እንከለና፡ ጽውጽዋይ ታሪኽ ሓንቲ *ብሸሪከት ባርካ* ትፍለጥ መሬት ህዝቢ የዘኻኽረና። እዛ መሬት እዚኣ ካብ ተሰነይ ክሳብ ፋንኮ ትዝርጋሕ፡ ብምዕራብ ክሳብ ገርሰት ትዳወብ፡ ብሰሜን ድማ ክሳብ ሩባ ጋሽ ትዋሰን ህዝቢ ከባቢ ነዊሕ ዘመናት ብሓባር ሓሪሱ ዝጥቀመላ ዝነበረት ክንጠቅስ እንከለና፡ ስርዓት ህግደፍ ኣብ'ዚ ዘካየዶ ተዋስኦታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክፍጽሞ ዝጸንሐን ዘሎን ደረት ኣልቦ ግፍዕን ንዕቀትን ኣሽካዕላልን ክሳብ ክንደይ ርሕቀት ከይዱ ምህላዉ ተመልክት ብምኻናን፡ ነዚ ርእዩ ዓገብ ዝብል ተባዕ ስለ ዝተሳእነን ኣዚዩ ዘሕዝንን ዘተሓሳስብን ብምኻኑ'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ነዚ ጉዳይ'ዚ ጌና ክተሓሓዞ ከሎ፡ ከም ደላይ ጽቡቕ ንወነንቲ መሬት ኣብ ከባቢ 1996 ኣኪቡ፡ መንግስቲ ካብ'ዚ መሬት'ዚ መነባብሮ ዓመታት ኣብ ቃልሲ ዝበለዩ ተጋደልቲ ክጽግንን ከመሓይሽን ምእንቲ፡ ንሽውዓተ ዓመት ከረክብዎ ምሕታቱን፡ ድሕሪ ሽውዓተ ዓመት ግን መሊሱ ናብ ዋናታታ ክመልሳ ምኻኑ ከም ዝሓበሮምን ይፍለጥ።

ሓደ ካብ'ቶም ወነንቲ መሬት፡ ካብ ግዜ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣትሒዙ ኣብ ከተማ ተሰነይ ዝተጣየሰ፡ ሓጂ ራሕማን ዝተባህለ ሱዳናዊ ካብ ዓሌት ጀዓልዪን ይርከቦም። ትሕቲ'ዝጊ ዝእመን ካብ መንግስቲ ንላዕሊ መን ኣሎ ካብ ዝብል ተበጊሶም ድማ፡ ብእምነት መሰረት ህይወቶም ንዝኾነት መሬቶም ኣረኪቦም። ኣማስያኡ ዝተረጋገጸ ሓቂ ግን፡ ሓደ ብወዲ ቀሺ ዝብል ቅጽል ስም ዝፍለጥ ዕሉል መሳርሒ ስርዓት፡ ምስ መንግስቲ ብርኪ ብምእታው ከም ዝውንኖን ዘመሓድሮን፡ ባጀታዊ መካየዲኡ ድማ ካብ መንግስታዊ ባንክ ከም ዝምወልን እናተጋህደ ምምጽኡ'ዩ። ዕላውያን ወነንቲ መሬት ምስ ሓጅ ራሕማን ኮይኖም ነዚ ዘገርም ምዕባሌ'ዚ ኣብ ዝሓለፉ ሽውዓተ ዓመታት ክከታተልዎ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ያኢ መብጽዓኡ ዘኽብር መንግስቲ መሲልዎም፡ ክመልሰሎም ዝተመባጽየ ግዜ ምስ ኣኸለ መሬቶም ክምለሰሎም፡ ኣብ ከባቢ 2002 ናብ ምንስትሪ ሕርሻ ቀሪቦም ጥርዓኖም ምስ ኣቕረቡ፡ ዝተዋህቦም መልሲ ዝተጸበይዎ ኣይነበረን። ንሱ ድማ፡ መሬት ብቐንዱ ኣብ ትሕቲ ውነና መንግስቲ ስለ ዝኾነን፡ ሕግን ቅዋምን'ዚ ሃገር'ዚ ድማ ገባር መሬት ክውንን ይኽእል'ዩ ዝብል ዓንቀጽ ዘካተተ ስለ ዘይኮነን፡ እዚ መሬት'ዚ ክምለሰልኩም ስለ ዘይክእልን ዘይግባእን፡ እቲ ሓደ ነቕርበልኩም ኣማራጺ ፍታሕ መሬት ኣብ ካሊእ ቦታ ክንህበኩም ጥራሕ'ዩ ዝብል'ዩ። ኣብ ህይወትና ክንደይ መንግስታት ኣሕሊፍና'ሞ፡ መንግስቲ ንዝደለዮ መሬት ወይ ብገንዘብ ክሒሱ፡ ወይ ድማ ብክንድኡ ኣብ ካልእ ቦታ ተኪኡ ክወስድ ደኣ'ምበር፡ ንህዝቢ ኣታሊሉ መሬት ዝምንዝዕ መንግስቲ ክሳብ ሕጂ ርኢናን ሰሚዕናን ኣይንፈልጥን እናበሉን፡ መሬቶም ኣማዕዲዮም እናጠመቱን ከዕዘምዝሙ ይርከቡ ምህላዎም ይንገር።